10 መጋቢት 2007 ዓ.ም.

ሕድሪ ተቐበሊ

ኣቲ ጓል ሃገረይ ከመይ ኣሎኺ ኢለ ክጅምሮ
ቃልኪ ኣስምዕኒ ምስ ናተይ ከጉድሎ ክድምሮ
ሓየት ተቓላሲት ቁምነገርኪ ሎሚ ክዝክሮ
ኣየ ዕጣቕ ዘብዘብ ኣብ ጎቦ ስንጭሮ
ይዝከረኪ ዶ ዓዲ ኣኪብኪ ክትህቢ ኣስተምህሮ
ደህይኪ ስኢነ እነብዕ ኣለኹ ምዕሮ ምዕሮ
ኣሎኹ በልኒ ክትርክስ ዝነቐጸ ጎረሮ (2)።

ብደም ምፍሳስ ብመስዋእቲ ዘመስከርክዮ
ኩሉ የዘንትወሉ እናበለ ኣየ ስርሒት ዕዮ።
እዚ ጨካን ኣራዊት ደፊንዎ ማዕሪኡ ዝነየኽዮ
መሲልዎ ዝርሳዕ ተመሊስኪ ከም ዘይትሓትዮ
ንመሰል ንማዕርነት ንዲሞክራሲያ ዘተቓለስክዮ
መብጻዓ ሕድሪ ስዉኣት ብጾትኪ ዝኣተኽዮ
ሎሚ ንናጽነት ጽባሕ ንማዕርነት ዝተነባህክዮ
ተጠሊሙ በቲ ኣሚንኪ ስልጣን ዝሃብክዮ
ፕረሲደንት ምስ ጀነራላት ሓንጊርኪ ዘምጻእክዮ
ካብ ሰይጣን ዝኸፍኡ ጨካናት ኣረመኔ እዮም(2)።

ካብ ተቓላሳይ ህዝቢ ከሓዲ መራሒ ረኺብኪ
ለይቲ ምስ መዓልቲ ዝጽዕር ከብርሰኪ
ንደቕኺ ነሕዋትኪ ዝምንጥል ካብ ኢድኪ
ንኣደታትኪ ንኣቦታትኪ ኣብ ስቅያት ዝኣስረልኪ
ኣብ ምድረ በዳን ውቅያኖስን ዘጥፍእ ነሕዋትኪ
ማህጸንኪ ከም ዘይ ፈራያይ መኻን ክገብረኪ
ህዝብኺ ከጽንት ዝተዓጥቀ ጥራይኪ ክትርፈልኪ
ሃገረ ኤርትራ ብዘይ ህዝቢ እንታይ ክትዓብሰልኪ(2)።

ክሳብ መዓስ ምእዙዝ ምኺን ኣእምሮኻ ምስሓት
ኣእዛን ምውታፍ ከም ጸማም ምንክልባት
ኣዕንቲ ምሽፋን ወይከ ምብልሓት
ንመሰልን ማዕርነትን ካብ ርሑቕ ምጥማት
ንማእሰርቲ ብጉልበትን ብገንዘብን ምሽማት
ቅሳነትን ርግኣትን ኣብ ዘይብሉ ምጥራይ ንዋት
ዕሸነት እዩ ዘምርሕ ናብ ጥፍኣት
ተታሊልኪ ሽልማትኪ ኣወፊኺ ንልምዓት
ብጸይትኺ ብጀነራላት ወሪድዋ መዓት
የሕሊፍኪ ሂብክያ ኩሉ ዝፈልጦ ኣብ ቅርዓት(2)።

እዚ ዝራኣየት ዓይኒ
እዚ ዝሰምዐት እዝኒ
እንታይ እያሞ ከትምኽኒ
ብድግ ተላዓሊ ንዕኒ
ብዕላማ ብተግባር ሰዓብኒ
ንደቅኺ ንደቀይ ከነውድኞ መሰረተ እምኒ(2)

ራኢ ኣሎኪ ብጊሓቱ ዝተለምክዮ
ንይምሰል ኣይኮነን ዝጨራሕክዮ
ኣበይ ክርሳዕ ናትኪ መስተንክር ዕዮ
ሕድሪ ኣሎኪ ሕድሪ ቃል ኪዳን ዝእተኽዮ
ግዚኡ ኣይኮነን ኣማዕዲኺ ኽትሰምዕዮ
ቅናትኪ ተዓጠቒ ክትፍጽሚ ዝጀመርክዮ(2)

ክብርን ዝኽርን ንስውእትና
8 መጋቢት ክንዝክራ ኢና
ዓወት ንፍትሓዊ ተበግሶና
ውድቀት ንመላኺ ስርዓት ሃገርና(2)
የቐንየለይ ክንዲ ጽን ኢልኩም ዝሰማዕኩም።

ሕሪይቲ ክብረኣብ
10 መጋቢት 2007 ዓ.ም.